# ጸብጻብእትዋት ተክኖሎጂ ሲያትል 2024፡- ኣገደስቲ ርኽበታት

"ኩሎም ተቐማጦ ሲያትል ሓቛፊ፣ ትምህርታዊ ኣሳልጦ፣ ከምኡውን ቍጠባዊ ብልጽግና ምእንቲ ኺረኽቡ፣ ኹሉ ሰብ ናይ ኤለክትሮኒካዊ ማዕርነት ንክረክብ ክንጽዕር ኣሎና።"
*– Mayor Bruce Harrell*

## እዚመጽናዕቲ እዚ ብዛዕባ እንታይ እዩ ነይሩ?



ከተማሲያትል ተቐማጦ ተክኖሎጅን ኢንተርነትን ብኸመይ ከም ዚጥቀሙ ኽትርዳእ ትደሊ ኣላ። ብዛዕባ እዚ ንምፍላጥ ኣብ ልዕሊ 4,600 ዝኾኑ ሰባት መጽናዕቲ ብምግባር፥

- ኢንተርነት ክጥቀም ተኽእሎ ዘለዎ መን እዩ
- ሰባት እንታይ ዓይነት መሳርሒታት ከምዝጥቀሙ
- ሰባት ተክኖሎጂ ኽሳዕ ክንደይ እዮም ዚጥቀሙ ዘለዉ
- ሰባት ኢንተርነት ንኸይረኽቡ ዚዓግትዎም ዕንቅፋታት እንታይ ኢዮም

## ኢንተርነትክረክብ ዝኽእል መን እዩ



- 98% ስድራ ቤታት ሲያትል ኣብ ቤቶም ኢንተርነት ኪረኽቡ ይኽእሉ እዮም (ካብ 95% ንላዕሊና ካብ 2018)
- ይኹን እምበር ገሊኦም ተቐማጦ ኢንተርነት ንምርካብ ዝያዳ ብድሆታት የጋጥሞም እዮ፡-
    - ትሑት ኣታዊዘለዎም ሰባት
    - እንግሊዝኛ ከምናይ መጀመርታ ቛንቋኦም ዘይዛረቡ ሰባት
    - ስንክልና ዘለዎምሰባት
    - ጸለምትን ደቀባትንኣመሪካ
    - ብዕድመ ዝደፍኡሰባት

## ዋጋኢንተርነትነቲ ኣብ ኢንተርነት ዚግበር እታውን ኣጠቓቕማን ይጸልዎ

- መብዛሕትኦን ስድራ ቤታት ን ኢንተርነት ኣብ ወርሒ እንተ ወሓደ 100 ዶላር ይኸፍላ
- ትሑት ኣታዊ ዘለወን ስድራ ቤታት 5% ናይ ኣታዊአን ኣብ ኢንተርነት ኬጥፍኣ ኸለዋ ማእከላይ ኣታዊ ዘለወን ስድራ ቤታት ከኣ 2.2% ይኸፍላ
- ብቑዓት ስድራ ቤታት ኣብ ኢንተርነት ክፍሊት ገንዘብ ንከጕድላ ዝሕግዝ መደባት ኣሎ፣ ብዙሓት ሰባት ግን ብዛዕባኡ ኣይፈልጡን ወይ ኣይጥቀምሉን ኢዮም።

## ሰባት ኣብ ሲያትል ዚጥቀሙሉ ዘለዉ መሳርሒታት

- ዳርጋ ኹለን ስድራ ቤታት (95 ሚእታዊት) ስማርት ፎን ሞባይል ኣለወን
- 86% ላፕቶፕ ኣለዎም
- 67% ታብለት ኣለዎም
- ገሊአን ስድራ ቤታት ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራ ቤተን መሳርሒታት ኬካፍላ ኣለወን፣ እዚ ኸኣ ንክትሰርሕ፣ ንክተጽንዕ፣ ወይ ኣገልግሎት ንምርካብ ኬጸግሞም ይኽእል እዩ

## ሰባትዝያዳ ኤለክትሮኒካዊ ክእለት የገድሶምን የድልዮምን ኢዩ

- ኣስታት 60 ሚእታዊት ተቐማጦ ሲያትል ንኹሉ መሰረታዊ ዕዮታት ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት ምጥቃም ይኽእሉ እዮም
- ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ዝያዳ ኽመሃሩ ይደልዩ ኢዮም፥
  - -ንብሕታዊ ሓበሬታኦምብኢንተርነት ምዕቃብ
  - - መሰረታዊ ናይኮምፕዩተር ክእለት
  - - ሶፍትዌርን ኣፕሊኬሽንንምጥቃም
  - - ብኢንተርነት ኣቢልካስራሕ ምርካብ

# መን'ዩ ንድሕሪት ተሪፉ ዘሎ

እቲመጽናዕቲ ኸም ዚሕብሮ እዞም ጕጅለታት እዚኣቶም ተክኖሎጂ ኣብ ምጥቃም ዝያዳ ጸገማት የጋጥሞም እዩ፦

- ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት
- ስንክልና ዘለዎም ሰባት
- እንግሊዝኛ ከም ናይ መጀመርታ ቛንቋኦም ዘይዛረቡ ሰባት
- ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ሰባት
- ጸለምትን ደቀባትን ኣመሪካ

# ሲያትል ብዛዕባ እዚ እንታይ ክትገብር እያ?

እታ ኸተማ ነዚ ዝስዕብ ትዓዪ ኣላ፥

1. ንመደብ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት ዝያዳ ደገፍ ንምርካብ ነዚ ርኽበታት እዚ ብሰፊሑ ምክፋል
2. ሰባት ብዛዕባ እዚ ኺፈልጡን ኣብ መደባት ሕሱር ዋጋ ኢንተርነት ኪምዝገቡን ምሕጋዝ
3. ሰባት ዜድልዮም መሳርሒታት ንኺረኽቡ ምሕጋዝ
4. ስልጠናን ደገፍን ንምሃብ ምስ ማሕበረ-ሰብዊ ውድባት ምዕያይ
5. ሰባት ኣብ ተክኖሎጂ ብቐሊሉ ሓገዝ ከም ዚረኽቡ ምግባር
6. ኣብ ምልእቲ እታ ከተማ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት ንምምሕያሽ ድልዱል ዝኾነ ህዝባዊን ብሕታዊን ሽርክነት ምህናጽ

# እዚኣገዳሲ ዝኾነ ስለምንታይ እዩ



ዜተኣማምንኢንተርነት ምርካብን ተክኖሎጂ ብኸመይ ከም እትጥቀመሉ ምፍላጥን ብዝያዳ ኣገዳሲ ዝኸውን ነዞም ዝስዕቡ ኢዩ፦

- ስራሕ
- ቤት ትምህርቲ
- ክንክን ጥዕና
- ኣገልግሎት መንግስቲ
- ምስ ስድራቤትን ማሕበረሰብን ርክብ ምግባር
- ሓበሬታን ምንጪን ምርካብ

እታ ኸተማ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብዛ እናዓበየት እትኸይድ ዘላ ኤለክትሮኒካዊት ዓለም ንኺሳተፍ ዜድልዮ ናውትን ክእለትን ከም ዘለዎ ከተረጋግጽ እያ እትደሊ። ነቶም ኣብዚ መጽናዕቲ እዚ እተኻፈሉ ብዙሓት ኣባላት ማሕበረሰብ አመስግነኩም።

Seattle Information Technology

እታከተማ ኣብ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት እትዓዮ ዕዮ ኽትስዕብ ትኽእል ኢኻ www.seattle.gov/tech